
# ዕርክነት ዓሊን ምሕረትኣብን

ብኣክደር ኣሕመዲን



## ምኽሪ ንወለድን መምህራንን

እዚ ተሓቲሙ ቀሪቡ ዘሎ ዛንታታት፡ ናይ ቋንቋ ኣደ ትምህርቲ ንኽምዕብል ዝሕግዙ፡ ጽውጽዋያትን መበቌላዊ ድርሰታትን እዩ።

1. ንቼልዑ ብዘይብርትዕ ቃላት ዝተጻሕፈ
2. ብጉሉሕ ስእልታት ዝተሰነየ
3. ብደረጃታት ዕድመ ዝተፈላለየ - ድማ እዩ።

ናይ ንባብ ክእለትን ፍቕርን ዘነቓቕሕ መሳጢ ዛንታታት ምእንቲ ኪኸውን ከኣ ብወገን ደረስትን ሰኣልትን ብዙሕ ጻዕሪ ተገይሩ።

### <u>ዕስራ ዛንታታት፡</u>

ነፍስ ወከፍ ዛንታ 2 ወይ 3 ዓንቀጻት ናይ ዋዕላ መሰል ቈልዑ ትሕዝቶን ትርጉምን ዘረድእ ኮይኑ፡ ብመልክዕ ልብ ወለድ ቀሪቡ ኣሎ።

ከም መበገሲ ብሰለስተ ቋንቋታት ኤርትራ ጀሚርና፡ ዓቕምን መሳለጥያን እንተ ተረኺቡ፡ ብቲ ዝተረፈ ቋንቋታት ኤርትራ'ውን ክንቕርቦ ተስፋ ንገብር።

ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ
ፕሮፌሰር ኣስመሮም ለገሰ


### ፍሉይ ምስጋና

ስእሊ (Illustration) - ብርሃነ ኣብርሃ (ወዲ ዛግር)

ለይኣውት፡ ግራፊክ ዲዛይን፡ ናይ ገበር ሕብሪ - ላይነ ብላታ

ኤዲተራት - ፕሮፌሰር ኣስመሮም ለገሰ
- ተስፋዝጊ ካሕሱ

ኣወሃሃዲ ፕሮጀክት - ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ (Citizens for Peace in Eritrea)

መዋሊ ፕሮጀክት - ኤውሮጳዊ ሕብረት - ኤርትራ (European Union - Eritrea)

ማሕተም - ኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር

# ዕርክነት ዓሊን ምሕረትኣብን

*ብኣከደር ኣሕመዲን*

ሓደ ግዜ፡ ኣብ ሓደ ዓዲ፡ ምሕረትኣብን ዓሊን ዝተባህሉ ክልተ ኣዕሩኽ፣ ብዕርክነትን ጕርብትናን፡ ተፋቒሮም ኣጣል ብሓንሳእ እናጓሰዩ ይነብሩ ነበሩ። ኣብ ዝኸና ዘይፈላለዩን ካብ ኣሕዋት ንላዕሊ ይፋተዉ ነበሩ። ስሩዕ ትምህርቲ ኣትዮም ክመሃሩ ስለ ዘይከኣሉ፡ ዕድመ ቁልዕነቶም ኣብ ጕስነት'ዮም ኣሕሊፎሞ። ቁሩብ ጕብዝ ምስ በሉ፡ ኣብ ዓዶም ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ንክመሃሩ፡ በብወገኖም ተመዝገቡ።

ስድራቤት ምሕረተኣብ ክርስትያን ስለ ዝኾኑ፡ ምሕረትኣብ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ተመዝገበ። ስድራቤት ዓሊ ድማ፡ እስላም ስለ ዝኾኑ፡ ዓሊ ቁርኣን ክቐርእ ግድነት ኮነ። ዓሊ ናይ ንግሆ፡ ምሕረተኣብ ከኣ ናይ ኣጋ ምሸት ስለ ዝነበረ እቲ ትምህርቶም፤ ሓዲኦም ክመሃር እንከሎ፡ እቲ ሓደ ጤለ-በጊዕ ይሕሉ።

እንተ ኾነ፡ ዝረኸቡሉን ብሓባር ዝጸወቱሉን ግዜ ስለ ዝሓጸሮም፡ ነቲ ክፈላልዮም ዝጀመረ ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ጸልእዎ። እዚ እናኾነ ግን፡ ድሕሪ ትምህርቶም ብናፍቖት ክራኸቡ እንከለዉ፡ እቲ ክመሃርዎ ዘዝወዓሉ ይነጋገሩ ነበሩ።

ኣብተን ቀዳሞት መዓልታት ዝተማህርወን ክተዓለሉ እንከለዉ፡ እቲ ትምህርቲ ተመሳሳሊ ኮይኑ ረኸብዎ። "እምላኽ! ሰማይን ምድርን ፈጠረ" ክብል እንከሎ ምሕረትኣብ፣ "ኣላህ! ሰማይን ምድርን ፈጠረ" ድማ ነበረ ናይ ዓሊ።

"ኣምላኽ ንእንስሳታት፣ ብርሃንን ጸልማትን፣ ንደቂ-ሰብ... ንኹሉ ፈጠረ!" ዝብላ ትምህርቲ ፍልልይ ኣይረኸቡለንን። ኣቦኻን ኣደኻን ኣኽብር፣ ኣይትሓሱ፣ ኣይትስረቕ..." ዝብል ትምህርቲውን ሓደ መሲሉ ተራእዮም።

ኣብቲ ዓዶም ብዕርክኑቶም ዘይቀንእ ሰብ ኣይነበረን። ክባእሶምን ክተሃላለኾምን ንዝመጽእ ሰብ'ውን ንሕስያ ኣይገድፉሉን'ዮም።

ከምዚ'ሎም እናነበሩ፡ ሓደ መዓልቲ፣ “ኣንታ ዓሊ ዓርከይ፡ እዚ ዅሉ ዕርክነትናን ፍቕርናን'ሲ እዘን እንዳ ቀሽን እንዳ ኣቦይ ሸኽናን እየን'ኮ ፈላልየናና ዝውዕላ ዘለዋ...” ምስ በሎ፡

ዓሊ ድማ፣ “ሓቕኻ'ወ ኣንታ ምሕሬ ዓርከይ! ጥንጥን'ዶ ደኣ ክነብለን?”

“እዋእ ከተቕትለና! ጥንጥን ኣቢልና ደኣ ኣበይ ክንኣቱ? በዓል ኣያይ ከጥፍኡና...” ብምባል ምሕረትኣብ ብስምባደ መለሰሉ።

ሽዑ ዓሊ፣ “ኣንታ'ቲ ክሳብ ሕጂ ዝተመሃርናዮ ይኣኽለና ኢሉ እንደኣለይ።”

“እሞ ባዕላቶም ይኣኽለኩም እንተ ዘይበሉና ብኢደ ዋኒንና'ዶ ክንሓድጎ ኮንና?” በለ ምሕረተኣብ ነተን ኣጣሎም እናማዕደወ።

“ባዕላቶም ደኣ እንታይ ኣምሲሎም ክብሉና... ከተማ ሰዲዶም እንተ ዘምህሩና'ዩ ኸኣ'ምበር...” በለ ዓሊ፤ ናብራ ሃገረ-ሰብ ከም ዝጸልኦ እናገለጸ።

“ኣንታ ዓሊ! ተፈላሊና ክይንውዕል ኢልናስ



ነገር ክነምጽእ?”

“እስከ ንፍቀደን? ኣብ ሰሙን ክንደይ ግዜ ይኸና እተን ንፈላለየለን?”

“ናህኩም'ኳ እታ ጅምዓት ትብልዋ ዓርቢ ጥራይ እንዳኣላ ዕረፍቲ፡ ሰንበት ከኣ ሰንበት ኩልና'ያ፣ ኣባና በዓላት ዝበሃል ኣሎ፤ ሃለቃችን ኣብ ጐደቦ ዓዲ ንግደት ተረኺቦም፡ ቀብሪ እንተ ኣልይዎም ከኣ'ባ ነዕርፍ...”

“ኣታ'ተን ናትኩም'ባ ደሓን'የን፡ ኣቦይ ሸኽና ሓደ ሓደ ግዜ እዮም ሓሚመ ዝብሉ'ምበር ዕረፍቲ የብልናን ዓይነ ሰዉር እንድዮም ከኣ ቀብሪ ኣይከዱ ገለ ኣይከዱ...” እናበሉ፡ ብዛዕባ ኩነታቶም ነዊሕ ኣዕለሉ።

ክልቲኦም ንወለዶም ኣዝዮም'ዮም ክፈርሕዎም። እንተ በዲሎም ዝወርዶም ዝነበረ መቕጻዕቲ፡ ንጸላኢኻ ከማን ኣየተምንን'ዩ። ስለዚ፡ ወለዶም ዘፈልጥዎ፣ እቲ ዝፈርሕዎ ሕሱም መቕጻዕቲ ከይሰዓበ፡ ከይተፈላለዩ ዝውዕሉሉ ኩነታት ሓሰቡ። ሽዑ ምሕረተኣብ፣ “ስማዕን'ዶ ዓሊ! እዚ

ንመሃሮ ትምህርቲ ምሽ ሓደ ዓይነት'ዩ?" "ሓደ እወ ንዓኹም ኣምሳኽ ፈጢሩኩም ንዓና ከኣ ረቢ!"

"እሞ ኣምሳኽን ረቢን እንታይ ፍልልይ ኣለዎም?"

"ፍልልይ ደኣ የብሎምን የብሎምን እዮም ዝብሉና፡"

"እሞ <u>ኣብቲኣ ጅምዓት ምሳይ ምሽ ትኸይድ ናብ በተክስያንና፡ ኣነ ድማ ኣብቲ ዕረፍትና ከኣ ምሳኻ ናብ ቁርኣንኩም ይኸይድ፡ ሽዑ ከይተፈላለና ንውዕል፡"</u>

"እም! እቶም ሃለቃችን ትብልዎም ክረግሙ መዓት'ዮም ምሽ...ሀይ.. እንተ ቐጥቀጡኒኸ...?"

እቶም ትምህርቲ ሃይማኖት ዝምህሩ "ኣቦይ ሃለቃ፡" ንቄልዑ'ቲ ዓዲ ብመቕጻዕቶም የባህርርዎም'ዮም። እንተ ረቢሾም፡ ደንጕዮም እንተ መጺኦም፡ ቆርበቶም ክሳብ ዝቐይሕ፡ ብኹርማጅ ቅጥቅጥ'ዮም ዘብልዎም። በዚ ዘይሰክሕ ቄልዑ'ቲ ዓዲ ኣይነበረን። ዓሊ'ውን ከይተረፈ ብዕላል ጥራይ ክዝክሮም እንከሎ፡ ፈጥፈጥ'ዩ ዝብል። ምሕረተኣብ ግን ነቲ ናይ ዓሊ ሻቕሎት ንምህዳእ፡ "ኣታ ኣጆኻ'ንዶ! ኣረጊት እንድዮም፡ ዓይኖም ከኣ ብዙሕ ኣይርእይን እዩ። ከመይ ኢሎም ክለልዩኻ፡ ንዓና ከማን ጽቡቕ ጌሮም ኣየለልዩናን እዮም፡ ኣጆኻ'ታ፡... ከም ገለ ኢሎም "መን'ዩ?" እንተይሎም ከኣ ደሓን ባዕለይ ኣለኹ፡ ንስኻ ስቕ ኢኻ ትብል፡ ሽዑ ኣነ ካብ ኣስመራ ዝመጸ ወዲ ሓወቦይ'ዩ ክብሎም'የ፡" በሎ።

በዚ ምስ ተረዳድኡ፡ ምሕረተኣብ ምስ ዓሊ ኣብ ቁርኣን ዝውዕለሉ ብልሓት ከኣ መሃዙ።

እቶም "ኣቦይ ሸኽና፡" ዓይነ ስውር ስለ ዝነበሩ፡ ብዙሕ ጸገም ኣይነበሮምን። እንተ ኾነ ግን ንሶም'ውን ከም ኣቦይ ሃለቃ ክቐጽዑ መሰክሕ እዮም። ብፍላይ ድምጺ ከለልዩ ኣይጽግሞምን ነበረ። ዝረበሸ ወይ ዝተዛረበ፡ ናብ ጥቕኦም ኣምጺኦም ብበትሪ "ኮራዕ!" የብልዎም።



“እሞ ኣብቲኣ ጅምዓት ምሳይ ምሽ ትኸይድ ናብ በተኽስያንና፡ ኣነ ድማ ኣብቲ ዕረፍትና ምሳኻ ናብ ቁርኣንኩም ይኸይድ፡ ሽዑ ከይተፈላለና ንውዕል”


በዚ ድማ እቶም ቈልዑ ይፈርሕዎምን ይደሃሉን።

እቶም መዛንኦም ቈልዑ ግን፡ ንኽልቲኦም ነዞም ኣዕሩኽ፡ ይፈርሕዎም ስለ ዝነበሩ፡ ኣብቲ እንዳ ሃለቃ ደኹን ቁርኣን ዝነግር ኣይነበረን። ሓደ እንተ ነጊሩ፡ ብቡኞን እዝጋምቤትን ተዘራርዮም ጥዋዕዋዕ ከብልዎ እዮም።

ስለዚ፡ ኣብ ዝደለይዎ፡ ሓንሳብ ቁርኣን፡ ሓንሳብ ከኣ እንዳ ሃለቃ፡ ብሓባር ይመላለሱ ነበሩ። ብኸምዚ ድማ፡ እተን ዝራኸቡሉን ብሓንሳብ ዝውዕልሉን ግዜ ኣናዊሑም፡ ንዕርክነቶምን ፍቕሮምን መመሊሶም ኣደልደልዎን ኣዕበይዎን። ወለዲ ክልቲኦም ድማ፡ ሽሕ'ኳ ብሰላም ሓቢሮም ዝነብሩ ጐረባብቲ እንተ ነበሩ፡ ብሳላ ዕርክነት ደቆም ዳርጋ ናብ ኣዝማድ ተቐይሮም ነበሩ።

ሓደ መዓልቲ ግን፡ ክልቲኦም እቶም ዝፋቐሩ ኣዕሩኽ፡ ኣብ እንዳ ሃለቃ ክመሃሩ ምስ ኣምሰዩ፡ ዘይክእልዎ ነገር ኣጋጠሞም። ናብቲ ኣባጊዖምን ኣጣሎምን ሳዕሪ ዘብልዕሉ ስፍራ ሰላሕ ኢሎም ዝኣተዉ ኣዛብእ፡ ካብተን ኣጣል ብልዕ ኣበልሎም። ኣጋጣሚ ድማ ካብ ናይ ክልቲኦም ሓሓንቲ ጤል ጠፍኣ'ሞ፡ ዝገብርዎ ጨነቖም። ንገዝኦም ምስ ኣተዉ ዝወርዶም መቕጻዕቲ ስለ ዝፈልጡ ናብ ዘብልዎ ጨነቖም። ኣብ በረኻ እንተ ሓዲሮም፡ እቶም ኣዛብእ ነተን ዝተረፋ ጤለ-በጊዕ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንዓታቶም'ውን ክበልዕ ዎም እዮም። ፈትዮም ጸሊኦም እናተሾቕረሩ ናንገዝኦም ኣተዉ።

ደንጕዮም ገዛ ስለ ዝኣተዉ፡ ወለዲ ክልቲኦም ናይ ደሓን ከም ዘይኮኑ ገሚቶም እዮም ጸኒሖም። ኣቦ ዓሊ፡ ከይተዛረበ ነተን ኣጣል ፍቕድ-ፍቕድ ምስ ኣበለን ሓንቲ ጤል ጐዲላ ከም ዘላ ፈለጠ። ሽዑ፡ ነታ መህረሚት ኩርማጅ ብዘይ ዘረባ ካብ ሰፈራ ኣውረዳ። ነዚ ዝረኣየ ዓሊ ድማ፡ ከይተሃረመ ክቑንዞን ክንቀጥቅጥን ጀመረ።



ናብቲ ኣባጊዖምን ኣጣሎምን ሳዕሪ ዘብልዑ ስፍራ ሰላሕ ኢሎም ዝኣተዉ ኣዛብእ፣ ካብተን ኣጣል ብልዕ ኣበለሎም።

ኣቦ ምሕረተኣብ ግን፡ ንወዱ ንቕድም ሓተቶ። ምሕረተኣብ ከኣ ብፍርሒ ክምልስ ስለ ዘይከኣለ እንታይ ከም ዘጋጠመ ኣይሰሓቶን። ኩርማጅ ዘይኮነ ግን፡ ክዓጥኖ ምእንቲ በርበረ እዩ ቀሪቡ። እዛ መቕጻዕቲ እዚኣ፡ ንምሕረትኣብ እታ ዝመረረት እያ። ካብ ብበረበረ ምዕጣን ብበትሪ ምቕጥቃጥ ምሓሾ። ፍርዲ ክቕበል እናተዳለወ እንከሎ፡ ዓሊ ዓርኩ ኣብ ገዝኡ ኮይኑ ከእዊ ይሰምዮ ነበረ።

ዓሊ፡ ፈትዩ ክሳብ ዝጸልእ ብኹርማጅ ተቐጥቀጠ። "ኣንታ ኣያይ መዓረይ! ኣንታ ኣያይ ሓወይ! ኣይደግምን'የ ኣያይ ሽኮረይ .. ዋየየየይ... ኡ...ኡይ!" እናበለ ክበኪ እንከሎ፡ ኣደኡ'ውን ክትረድኦ ኣይከኣለትን። ኣቦኡ ሓሪቑ ስለ ዝነበረ፡ ንዓኣ'ውን ከይሃርማ ፈሪሓ ንወዳ ጸሎት ትገብረሉ ነበረት።



ምሕረተኣብ ነዚ ክሰምዕ እንከሎ፡ ንሱ ከይተቐጽዐ ጥራይ ብስቅያት ዓርኩ ተሳቐየ። ኣቦኡ ነቲ ዱኹም በርበረ ኣብ ሓዊ እናነስነሰ ክዓጥኖ እንከሎ ግን፡ ዳርጋ ሃለዋቱ ክጥፍእ ደለየ። እቲ ትኪ በርበረ ዓቢሱ ዓቕሉ ስለ ዘጽበበሉ ዓው ኢሉ ክበኪ ኣይከኣለን። ኣዒንቱ ደም መሲሉ ብትክን ንብዓትን ገጹ ተሓጺቡ ደኣ ተዓብሰ።

እዚ ከይኣኸለ፡ ኣቦኡ፡ ኣብቲ ቅርዓት (ካንሸሎ) ገዝኦም ኣብ ጉንዲ ኣሲሩ ኣብ ጸልማት ንበይኑ ገደፎ። ምሕረተኣብ በቲ ብጸልማት፡ በቲ ድማ ብቖሪ ተሳቐዩ ቀጥቀጥ በለ። ኣኽላባት ዓዶም ውሕ-ውሕ-ውሕ ይብሉ፤ እቶም ኣጣሎም ዝበልዑሎም ርጉማት ኣዛብእ ድማ ይንቅዉ። ካልእ ዝብላዕ ምስ ሰኣኑ ድማ መጺኦም ብልዕ ከየብልዎ ምሕረትኣብ ፈርሐ። ኣብቲ ጸልማት ገለ ነገር ዝንቀሳቐስ ዘፍርሕ ነገር ዘሎ እናመሰሎ ክብህርርን ክበክን ምስ ጀመረ፡ ሰዓት ሰለስተ ናይ ለይቲ ኣቦኡ ፈቲሑ ንገዛ ኣእተዎ።



ዓሊ፡ በቲ ዝተቐጥቀጠ ሰብነቱ ስለ ዝቖሰለን ዝሓበጠን ምድቃስ ኣብይዎ ነበረ። ክልቲኦም ድማ ከይደቀሱ ሓደሩ። ንጽባሒቱ ንግሆ፡ ዓርቢ ስለ ዝነበረ እቶም ኣዕሩኽ፡ ንቁርኣን ኣይከዱን'ዮም። ስለዚ፡ ነተን ጤለ-በጊዕ እናኾብኮቡ፡ ኣብ ጁባኦም ቅጫ ሒዞም፡ በረኻ ወፈሩ። ንግሆ ምስ ተራኸቡ ብዛዕባ'ቲ ዝወረዶም መቕጻዕቲ ክዛራረቡ ጀመሩ። ክልቲኦም ጎራሓትን በላሕትን ስለ ዝነበሩ ክበላሓቱ ኣይጸገሞምን። ክይወዓሉ ከይሓደሩ ድማ ንኣስመራ ክኸዱ ወሰኑ።

ኣብ ከተማ፡ ንምሕረተኣብ ሓወቦኡ ዶክተር ስለ ዝነበረ፡ ናብኡ ክይዶም ክዕቑቡ ተሰማምዑ። እቲ ዶክተር ሓወቦ ምሕረተኣብ'ኳ እንተ ኾነ፡ ወርሒ-ወርሒ፡ ንኣሕዋቱን ኣዝማዱን ክርኢ ዓዲ ስለ ዝመጽእ፡ ንዓሊ እውን ጽቡቕ ገይሩ እዩ ዝፈልጦ። ዓዲ ኣብ ዝኸደሉ ኣጋጣሚ፡ "እዞም ቈልዑ ዘይተምህርዎም!" እናበለ ነቶም ወለዲ ስለ ዝቋየቖም እዞም ኣዕሩኽ ይፈትውዎ ነበሩ።

ብዛዕባ'ቲ ዝወረዶም ኣካላዊ ማህሰይቲ ክዛራረቡ

እንከለዉ፣ “ሞሊቕና ‘ነስመራ ዘይኻኽይድ? ሽዑ ንሓወ(ኻ ትምህርቲ ኣእትወና ንብሎ፡ ምሽ ዘይትመሃሩ እዩ ዝብለና...?” ምስ በለ ዓሊ፣ ምሕረተኣብ ነግ ፈረግ ኣይበለን።

ንሳቶም ዕርክነቶምን፡ ናብ እንዳ ቀሽን ቁርኣንን ብሓደ ምምልላስን ኣይገድፉን'ዮም። ካልኦት ኣጣል እንተ ኣጥፊኦም ድማ ዝገደደ መቕጻዕቲ ክወርዶም'ዩ። ስለዚ፡ ካብ ዓዶም ክጠፍኡ ጥራይ ወሰኑ። እተን ጤለ-በጊዕም ከኣ ምስቶም መሳቱኦም ገዲፎም፡ ከይነግሩሎም ድማ ኣጠንቂቖሞም ተበገሱ።

ካብ ዓዶም ነቒሎም፡ ነዊሕ ምስ ተጓዓዙ፡ ኣብቲ መካይን ዝመላለሳሉ ጽርግያ ምስ በጽሑ፡ መኪና ክጽበዩ ደው በሉ። ኣብ ጽርግያ ሙሉእ መዓልቲ ክጽበዩ'ኳ እንተ ወዓሉ እትማልኦም መኪና ግን ፍጹም ቀበጹ። ዝገብርዎ ጠፊእዎም ከኣ ተሸገሩን ኣዕነነዩን። ኣጋ ምሸት ምስ ኮነ፡ ሓንቲ ክፍትቲ ናይ ጽዕነት መኪና ብናህሪ መጺኣ ነስመራ ገጻ ክትሕምበብ እንከላ፡ ክልቲኦም ብሓደ ኣእዳዎም ዘርጊሖም ለመኑ'ሞ፡ እቲ ኣውቲስታ ደንጊጹ ደው ኣበለሎም።



“ናበይ ኢኹም ኣቱም ቈልዑ?”

“ንስመራ፣” በልዎ ብሓደ፣ እናተመሻኸኑ፣

“በዚ እዋን’ዚ ደኣ ኣበይ ውዒልኩም ኢኹም...? በሉ ደይቡ፣” ኢሉ ኣብቲ ድሕሪት መጽዓኒ ክስቀሉ ምስ ነገሮም፣ ተሓጒሶም ደየቡ፤ በዓል መኪና ከኣ ብናህሪ ጉዕዞኡ ቀጸለ።

ዝነበረ ንፋስ ከይዓጀቦም፣ ነተን ንግሆ ሒዞመን ዝወፈሩ ቅጫ እናበልዑ፣ ኣብታ ዘይፈልጥዋ ኣስመራ በጽሑ። መብራህቲ ኳዕ ኢሉ ሕውዝውዝ ኣበሎም። ኣስመራ፣ ካብታ ዓዶም’ሲ ቁሩብተይ እትዓቢ እዩ መሲልዎም ዝነበረ። እንተ ኾነ ግን ኣብ ልዕሊ’ታ ማኪና ኮይኖም ብኣንጕሎታት ጥውይ ጥውይ ክብሉ እንከለዉ፣ ልቦም ጠፍኦም። ማእከል ከተማ ምስ በጽሑ እቲ በዓል መኪና “ውረዱ በሉ ኣብዚ፣ ቀልጥፉ!” ክብሎም እንከሎ፣ ዝገብርዎ ጨኒቕዎም ዕንድ በሉ።

“ውረዱ’ባ ሃየ .. ወይለይ!” ምስ በሎም ተጠማሚቶም “እንዳ’ያ ጸጋይ ኣበይ ድዩ...?” ክብል ምሕረተኣብ ሓተተ።

“እንታዋይ ጸጋይ እዩ ... ናበይ ኢልኩም ዲኹም መጺእኩም...?” በዓል መኪና ናብ ዋኒኑ ክኸይድ ይህወኽ ስለ ዝነበረ ተቘጥዐ። ስለ ዘደናገጉይዎ ኸኣ ኣመና ሓረቐ።

“ሓወቦና እዩ ...” ወሰኸ ድማ ዓሊ፣ “ኣነ ዶኒ! ኣበይ’ከ እዩ ገዝኡ?”

“ኣስመራ፣”

“ኣንታ እዛ ኣስመራ ኣይ’ዚኣ እንድያ! ኣበይ ሸነኽ’ዩ ገዝኡ?”


“ኣስመራ፣” በልዎ መመሊሶም። ብዘይካ ኣስመራ ካልእ ኣይፈልጡን እዮም። በዓል መኪና ዝገብሮ ጠፍኦ። እንታይ ኢለ ተማላእክዎም ኢሉ ተጣዕሰ። ብኣዘራርባኦም ግን ሰሓኞ ክሞልቆ ደለየ።

ብዙሕ ሰብ ድማ፤ “እንታይ ኴንኩም...?

ደሓን ዲኹም?” እናበለ ተኣከበ። ገሊኦም ሓለፍቲ መገዲ፣ “ኣይፋልካን ኣይፋልካን! ምምላእሲ ጽቡቕ ኢኻ ጌርካ ደሓር ከኣ ቈልዑ እንድዮም...” እናበሉ ንበዓል መኪና ኣጸናንዕዎ።

ብድሕሪኡ <u>በዓል መኪና ንምሕረተኣብን ዓሊ'ን፡ ንፖሊስ ኣረኪቡ ናብ ስርሑ ከደ።</u> ፖሊስ ነቶም ጠምዮም ዝወዓሉ ቈልዑ፡ ኣብሊዖም ኣስትዮም ኩነታቶም ክምርምሩ ጀመሩ። ክልቲኦም፡ “ጸጋይ ሓወቦና!” ጥራይ'ዮም ዝፈልጡ።

“ቁሩብ'ከ እንታይ ይሰርሕ?” በሎም ሓደ ካብቶም ፖሊስ፧ ምሕረትኣብ ከኣ ሕስብ ኣቢሉ፡ “ንዓዲ ክመጽእ ከሎ ፈውሲ የምጽኣልና እዩ፡” ምስ በሎም፡ “ሓኪም” ክኸውን ኣለዎ ኢሎም ሓሰቡ።



እቶም ፖሊስ፡ ንእንዳ ሓኪም ደዊሎም ሓተቱ፡ “ዶክተር ጸጋይ፡” ሕጂ ኣብ ገዛ እዮም ዘለዉ ኢላ፡ ሓንቲ ሰራሕተኛ ናይ ገዛ ቁጽሪ ስልኪ ነገረቶም። ኣብቲ እዋን'ቲ ሰዓት ዓሰርተ ናይ ምሸት ነበረ። እቶም ፖሊስ ደዊሎም፡ ንዶክተር ጸጋይ ካብ ድቃስ ኣተስእዎ። ሽዑ'ቲ ዝደወለ ፖሊስ፣ “ይቕሬታ ግበሩልና ዶክተር ጸጋይ!”

“ጸገም የለን! እንታይ ክተሓባበር?” ዋላ'ኳ ካብ ድቃስ እንተ ተሰአ ዶክተር ጸጋይ ነቶም ፖሊስ ብትሕትና መለሰሎም።

“ምሕረተኣብን ዓሊን ዝበሃሉ ኣብ ዓዲ ዝቕመጡ ቈልዑ'ዶ ትፈልጥዎም?” ሓተተ ፖሊስ።

“እሂ ደኣ! ኣይ ደቀይ እንድዮም፣ ደሓን ዲዮም'ሞ?” ካብ ዓራት ሰምቢዱ እናተንሰአ።

“ደሓን'ሲ ደሓን'ዮም፡ ካብ ዓዲ መጺኦም፡ ገዛኹም ስለ ዝጠፍኦም ኣብዚ ምሳና ኣለዉ፡ ጽባሕ እንዳ ፖሊስ መጺእኩም ውሰድዎም፡”

“ዋላ ሕጅስ ዘይመጽእ?”

“ኣየድልን'ዩ ደሓን፣ መደቀሲ ኣዳሊናሎም ድሮ'ውን ደቂሶም እዮም ዘለዉ፡” ምስ በለ'ቲ ፖሊስ ደሓን ሕደር፤ ደሓን ሕደር ተበሃሃሉ።

ምሕረተኣብን ዓሊን፡ ለይቲ ብመቕጸዕቲ፡ መዓልቲ ድማ ብጉዕዞ ስለ ዘሕለፍዎ ኣመና ደኺሞም፡ ኣብቲ እንዳ ፖሊስ በጥ ኢሎም ደቀሱ።

ንግሆ ምስ ኮነ፡ ዶክተር ጸጋይ እንዳ ፖሊስ ከይዱ ነዞም ክልተ ኣዕሩኽ ንገዝኡ ሒዝዎም ተመልሰ። ነብሶም ሓጺቡ ካብ ቅያር ክዳውንቲ ደቁ ሃቦም። ኣብቲ ካንሸልኡ፡ ምስ ደቁ ክጻወቱ ገዲፍዎም ንስራሕ ከደ። ንሳቶም ከኣ፡ ከም ፍታሕ ኩርኩር ክዘሉ፡ ክዕንድሩ፡ ብሽክለታ ክላመዱ፡ ብዛዕባ ዓዶምን ስድርኦምን'ኳ ኣይዘከሩን። ክዝክርዎም እውን ኣይደለዩን።

ዶክተር ጸጋይ ገዲፍዎም'ኳ ንስርሑ እንተ ኸደ፡ ንምንታይን ብኸመይን ከም ዝመጹ ግን ክሓስብ ወዓለ። ግዜ ፋዱስ፡ ገዛ ተመሊሱ

ክሳብ ዝሓቶም ተሃወኸ፤ ምሳሕ ምስ ተበልዐ ድማ፡ ብዛዕባ ኣመጻጽኣኦምን ከመይ ኢሎም እንዳ ፖሊስ ከም ዝኣተዉን ሓተቶም።

ንሳቶም ከኣ ሓንቲ ከየጉደሉ፣ ሓደ እናተዛረበ እቲ ሓደ እናመልአ፣ ብዛዕባ ዕርክነቶም፡ ክፈላለዩ ከም ዘይደልዩ፡ ብዛዕባ'ቲ ተተሓሒዞም ናብ እንዳ ቀሽን ቁርኣንን ዝኸድዎ፣ ኣጣሎም ብዝብኢ ምብልዐን፣ ዝወረዶም መቕጻዕቲ፣ በዓል መኪናን ክሳብ እንዳ ፖሊስን ዘርዚሮም ኣዕለልዎ። ዶክተር፡ ብተግባራቶም እናተገረመን እናተደነቐን እናሰሓቐን ብጽሞና ሰምዮም።

ብድሕሪ'ዚ ንሳቶም“ ሕጂ ዝገበርካ ግበር'ምበር ንሕና ምሳኻ ኰንና ክንመሃር ኢና ናጣኻ ሃዲምና መጺእና፡” ምስ በልዎ ንድሌቶምን ሓሳቦምን ፈተዎ። እንተ ኾነ ከምዚ ዓይነት ኣመጻጽኣ ከም ዘይድግፎ ገለጸሎም።

“ወለድኹም ሕጂ፡ ኣበይ ኣትዮም'ዮም ቈልዑ ኢሎም ይሻቐሉ ኣለዉ። ስለዚ ጽባሕ ኣውቶቡስ ኣስቂለ ንዓዲ ክሰደኩም እየ፤ ኤ...እ ኣለና ትብልዎም፡ ሽዑ ትምህርቲ ክጅመር እንከሎ ትመጹ፡ ምሳይ ኰንኩም ትመሃሩ...” በሎም።

ንሳቶም ግን፡ ፈጺሞም ንዓዲ ገጾም ከም ዘይምለሱ፡ ዝወረዶም መቕጻዕቲ ኣምሪሮም ገለጹሉ። ዓሊ ድማ ክዳኑ ኣውጺኡ እቲ ስምብራትን በሰላን ኣርኣዮ። ሽዑ ዶክተር ጸጋይ ሰምበደን ደንገጸን። መሊሶም ንዓዲ እንተ ኸይዶም ከኣ፡ ዝገደደ መቕጻዕቲ ከም ዝጽበዮም ተረድአ።

ሽዑ ዶክተር ጸጋይ፡ ናብቲ ዝሰርሓሉ ሕክምና ወሲዱ ብሰንኪ'ቲ መቕጻዕቲ ኣብ ጥዕናኦም ማህሰይቲ ወሪድዎም ከይከውን ኣደቂቡ መርመሮም። ንንግሆኡ ድማ፡ ንዓዲ ሒዝዎም ክኸይድ ምዃኑ ቃል ኣተወሎም። ንጽባሒቱ፡ ምሕረትኣብን ዓሊን ኣብ መኪና ዶክተር ጸጋይ ተሰቒሎም፡ ዓዶም በጽሑ። <u>ዶክተር ንኣቦ ዓሊን ንሓዉ ማለት ንኣቦ ምሕረተኣብን፡ ጸዊዑ ብሓንሳብ ኮፍ ኣቢሉ መዓዶም፡ ነቶም ቈልዑ ከኣ ከምህሮም ወሰነ።</u>



ዶክተር ንኣቦ ዓሊን ንሓዉ ማለት ንኣቦ ምሕረተኣብን፡ ጸዊዑ ብሓንሳብ ኮፍ ኣቢሉ መዓዶም፡ ነቶም ቈልዑ ከኣ ከምህሮም ወሰነ።

እዚኣቶም ቈልዑ እንድዮም፣ ጽባሕ ንግሆ ድሌቶም ክኾኑ ዝኽእሉ ስለ ዝኾኑ ዘይትሓድግዎም ደሓር ከኣ ድሌቶም ክኣምኑ ናቶም መሰል'ዩ፣ ንሸኻትኩም እንታይ ትእውድዎም! እንታይ እዩ'ዚ ቁርኣን ቀሪእካ፡ እንዳ ቀሺ ደጊምካ ኢልካ ዘረባ ዘይትገድፍዎም፡ እንታይ ዓቕሎም ተጸብቡሎም...”

“ደፊርኩምኒ ደኣ ኣይትበለና እምበር መውቅዒኦም'ኳ ካልእ'ዩ፣ ቈልዑ ሸለልትነት ኣብዚሖም፡ ጸወታ ፊትዮም'ዶ ኣይኮኑን ደኣ ዝቕጽዑ ዘለዉ...” ምስ በለ ኣቦ ዓሊ፡ ዶክተር ጸጋይ ቁጥዕ ኢሉ፡

“እሞ ከሳብ ክንድ'ዚ ስምብራት ዘውጽእ መቕጻዕቲ! ኤ...እ... ውላድካ'ኮ ተዛሪብካን ምዒድካን ከተስምዖ ይከኣል'ዩ። ማህረምቲ፡ በርበረ ምዕጣን፡ ኣሲርካ ምሕዳር፡ ንምንታይ ኣድለየ?”

“ክላ ስቕ በል ኣንታ ኣያይ! ከነሳቕዮም ዘይኮና፡ ከምዛ ክብላ ዝጸንሐ ኣብ ስርሖም ዝህላለ ክየርእዩ ኢልና'ዶ ኣይኮናን ደኣ፡” በለ ድማ ኣቦ ምሕረትኣብ።

“እሞ ከምቲ ዝሓሰብኩሞ'ዶ ኮይኑልኩም? ኣየ ንሸኹም! ንሳቶም'ሲ በሪሮም'ዮም ነስመራ ዝመጹ።”

“ሕጂ ክምህሮም'የ! እዞም ቈልዑ እዚ ናብራ ጸሊኦሞ እዮም፤ ክንመሃር ኢና ንደሊ እዮም ዝብሉ ዘለዉ፡ ኣነ ድማ ንዓታቶም ዝኸውን ኣይሰኣንኩን። ክዳውንቶም ጠርኑፉሎም፡ ሒዘዮም ክኸይድ እየ፡” ምስ በሎም፡ በቲ ሓሳብ ክልቲኦም ወለዲ ተሰማምዑ። ምሕረተኣብን ዓሊን ድማ ኣመና ተሓጎሱ። ክዳውንቶም ጠርኒፎም ድማ ንወለዶምን ነቲ ከርፋሕ ናብራን ሕቜኦም ሂቦም፡ ምስ ዶክተር ጸጋይ እናሰሓቑ ሓድሽ ሂወት ንምጅማር ናስመራ ነቕሉ።

## ሕቶታት

1. ምሕረትኣብን ዓሊን፡ ነቲ ናይ ሃይማኖት ትምህርቲ ንምንታይ ጸሊኦሞ?
2. ምሕረትኣብን ዓሊን፡ በቲ ዝተቐጽዖ ዓይነት ኣገባብ ክቕጽዑ ግቡእዶ ይመስለካ?
3. ምሕረትኣብን ዓሊን፡ ድሕር'ቲ ሕሱም መቕጻዕቲ እንታይ ክገብሩ ወሲኖም? ብዛዕባ ውሳነኦም እንታይ ሓሳብ ኣለካ/ኪ?
5. ክልቲኦም ኣዕሩኽ፡ ብሓባር ናብ ቁርኣንን እንዳ ቀሸን ክኸዱ ምውሳኖም እንታይ ርእይቶ ትህበሉ?
6. ክልቲኦም ኣዕሩኽ፡ ማህረምቶም ምስ ኣርኣይዎ፡ ዶክተር ጸጋይ እንታይ ገይሩ?
7. ዶክተር ጸጋይ፡ ንወለዲ ምሕረትኣብን ዓሊን፡ ኣኪቡ እንታይ ኢልዎም?

## ኣብዛ ዛንታ ዝተሓቕፉ ዓንቀጻት መሰል ቈልዑ

*ዓንቀጽ 14. ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ወለድኹም፡ ዝመሰለኩም ሓሳባት ክትገልጹ ንዝመረጽኩሞ ሃይማኖት ክትሕዙን መሰል ኣሎኩም።*

*ዓንቀጽ 28. ክትመሃሩ መሰል ኣሎኩም።*

*ዓንቀጽ 37. ብጨካንን ጎድእን ኣገባብ ዘይምቕጻዕ መሰል ኣለኩም።*

© Citizens for Peace in Eritrea, 2007